# ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
# ሕጂኸ ንለውጢ ድሉው ድዩ?

2/08/2008 ብለምለም ገብረሚካኤል ጀርመን

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሕጂኸ ናበይ ገጹ?
በሪሁሉ ድዩ ናይ እቶም ብህዝብን ሃገርን ዘላግጹ
ወሲኑ ድዩኸ? ከርሕቆም ጎኒጹ ጊናኒጹ
ነቶም ንዜጋና ዝቁጸርዎ ከም አናጹ።

ነይሩ ክስራሕ ክፍንጣሕ ዕድሜኡ ነዊሑ
ዘትይሉ ድዩኸ? ንኩሉ አዕሚቑ አስፊሑ
ረኺብዋዶ? ነታ ሓቂ መምዩ ጎሪሑ (ጸሚቑ)
ወይስ ንይምሰል ኢዩ አዋጁ ዘርጊሑ።

ብሕቶታት ከቕርቦ ዝመረጽኹ አሕዋት
ብዕምቈት ገምጊመ ንህሉው ኩነታት
ምስ አንበብኹ ኢዩ ዝወጸ አዋጃት
ብሓባር ስለ ዘይግበር ዘሎ ፈስቲቫላት።

መሰረታት ኢና ኘኹሉ ወሰንቲ
ጸገምና ንፍለጦ አይኘኹን መጣቓዕቲ
ጉድለትና ይርኤ አሎ እተደመሮ ቅርሕንቲ
ደጊም የብቕዕ ሓሸውየ ተበለጽቲ
ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ይኹን ዘበናዊ ስልቲ።

ንመን ጸሪፌ ንመከ እሞ ክንእድ
ከስዔ አደ ጉራምራ ኢዩ ጸገምና ነወግድ
ዝሰረበ ደበና ለውጢ ንክኘእንግድ
<u>ብሓድነት ድአ ንህግደፍ ኘሸንድድ ኘኚድድ።</u>

ሕብረተሰባዊ ሕማማት ንጐድኒ አወንዚፍና
ንስነ ሓሳባዊ አፋላላይና ብግቡእ አጽፋፍና
ሐደ ድልዱል ህዝባዊ ሰራዊት አቕኒምና
ስልጣኑ ነረክቦ ንዝምልከቶ ህዝብና።

ሓላፍነት አሎና መሰረታት ሰልፊ ውድባት
ኘኹሉ ንግጠሞ ብንያት ብትብዓት
ሻርነት ይወግድ ነጽንዓያ ልዓት።

ዘብ ዘብ ይትረፈና ደዲሕሪ ሰያባት
ብስኒት ንሓንስሶ ናይ ህዝብና ንብዓት
ካብ ሃገር ነውግዶም ምልኻውያን ከድዓት
<u>ሓቢርና ክንበልዓ ናይ ሓርነት ግዓት።</u>

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ሕመረቱ ክጸንዕ
ኣብ ሞንጎ ከይአትዉና ብዓል ዝሪዕሪዕ
<u>መሰረታት ኘኹን ናይ ለውጢ ባርዕ</u>
ብሓደ እንተ ሰጉምና ኢዩ ህዝብና ዝኾርዕ
ሕጅስ ይትረፈና ናይ ዑቡያት ጥልዕ ምልዕ።

አየድልየናን ትምክሕቲ ውድባዊ አንነት
ብሓባር ምስላፍ ኢዩ ንዜጋና ድሕነት
ይአኽለና ዝሓለፈ 17 መሪር ዓመት
ንያትና አሔዲስና ነወግድ ምልኽነት
ህዝብና ነድሕን ካብ ዘበናዊ ጊላነት።

ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ንለውጢ ኘኽዳለ
ሓይሉ ኣብ መሰረታቱ ይኹን ዝለዓለ
እዚ ዘይአምን እንተሎ ካብ መንጎና ይፈለ

አይፋል የመን ጺጋም ብዙሓት ዘደስከለ።

ብተግባር ንሰብአዊ መሰላትና ንላለ
ተለዓላ ወይዘራዝር ደብሉ መንእሰያት ጎናብለ
ብስኒትን ምርድዳእን ጥራሕ ኢዩ ሽግርና ዝእለ
እልል በላ አደታት መርቁ ዓበይቲ ሸናግለ።

አብዚአ እፍጽም መልእኽተይ ሰላምታይ ደሚረ
ንለበዋይ አስተውዕሉላ ክቡራት ደቂ ኤረ
ሓልዮት ይሃልወና ንህዝብና ብማዕረ።

ጽን ኢልኹም ዝሰማዕኩምኒ የመስግነኩም ብዝለዓለ
ብሓርነት ትጠጥዓልና ኤርትራና ብድምቕ ዝበለ
ነባሪ ክብርን ዝኽርን ነቶም ዝወደቁላ ካብ ልቢ ዝፈልፈለ።

– - - - - – - ተፈጸመ - - - - - – - - - - - –